# ተራ ብርጌደር ጀነራል ተከስተ ሃይለ (ወዲ ሃይለ)፣ ኣብ ቅትለት ኑጹሃን ተጋደልቲ

ብመጀመርታ ንኹሉ ደላይ ዕርቕን ፍትሕን ሰላም ክብል እፈቱ።

ቅድሚ ሕጂ ዝኾነ ጽሑፍ ጺሒፈ ኣይፈልጥን፣ ግን ኣንባብይ ነይረ፣ ሎሚ ክጽሕፍ ዝተብገስኩሉ ምኽንያት ኣብ’ዚ ቐረባ ግዜ ኣብ መርበብ ንሓርነት ኮም ኣትየ ዜና እናረኤኹ፣ ብርጌደር ጀነራል ተኸስተ ሃይለ (ውዲ ሃይለ) ኣብ ሲዊደን ዑባ ሓቲቱ ነቢበ። ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት ኣብ እተገብረ ፍጻሜ ድማ ብሓሳባተይ ንድሕሪት ተመሊሰ። ኣብ’ቲ እዋን እተፈጸመ ፍጻሜ ቅትለት ኣብ ኣሃዱና ኸኣ ዘኪረ። እዚ ፍጻሜ ህዝቢ ክፍለጦ መሰሉ ከም ዝኾነ ስለ ዝኣምን ድማ ኣብ መርበብ ምስክርነተይ ክህብ ወሲነ።

ኲናት ዶብ ምስ ኢትዮጵያ (ወያኔ) ዝተጀምረሉ ግዜ፣ ወዲ ሃይለ ንክ/ሰራዊትና 3ክ/ስ ኮር 161 ጽኒሑ፣ ብእንዳ 36 ዝፍለጥ ኣሃዱና ኣዛዚ ኮይኑ መጽኣና። ከም ኣብ መብዛሕትኦን ኣሀዱታት ከም ዝግበር ዝነበረ፣ ኣብ ክ/ሰና እውን እቲ ብላዕለዎት ኣዛዝቲ ምክልኻል፣ ብቐንዱ ካብ ቤት ጽሕፈት ዲክታቶር ኢሳያስ ዝወጸ ውሳኔ ናይ ምቕታል ሰጉምቲ ኣብ ኮርና 161’ውን ብብዝሒ ቅትለት ተፈጺሙ። ንኣብነት ኣብ’ቲ ኣነ ዝነብርኩሉ ብርጌድ እተፈጸመ ቅትለት ናይ ሓደ ብጻይና ኣሎ።

ሓደ ካብ ኣሻሓት ተጋዳላይ ማሕሙድ ብሌናይ፣ እዩ።

ተ.ማሕሙድ ብለናይ ካብ መጀምርታ ሰማንያታት ምእንቲ ነጻናት ኤርትራ ኢሉ ኣብ ህ.ግ.ሓ.ኤ ተሰሊፉ ዝተቓለሰን ዘቃለሰን ዝተወግኤን ጅግና ተጋዳላይ ነይሩ። ድሕሪ ነጻነት ድማ ኣብ ኣነ ዝነብርኩሉ ኣሃዱ ከም ሰርጀንቲ ኮይኑ ቃልሱ ክቕጽል ከሎ ኢና ተፋሊጥና። ክሳብ መወዳእታ ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ዝተኻየደ ኲናት ምስ ኢትዮጵያ (ወያኔ) ብዙሕ ጅግንነታዊ ፍጻመ ዝፈጸመ ተጋዳላይ፣ ምኻኑ ኣባላት ኣሃዱና ዝምስክርዎ ሓቂ ኢዩ። ኣብ እዋን ካልኣይ ወራር፣ ኣዛዚ ጋንታ ኣብ ዝነበረሉ፣ ምስ ኣዛዚ ሓይሊ ምስሕሓብ ከም ዝነበሮ’ውን ኩሉ ወዲ ሓይሊ ይፈልጥ ኔይሩ። እዚ ኣዛዚ ሓይልና ምስ ኢቲ ኣዛዚ ብርጌድና ፍሉይ ምትእስሳር ነበሮም። በዚ ዘይሕጋዊ ዝምድናታት ተጠቒሙ ንሰርጀንቲ ማሕሙድ ውዲት ኣሊሙ ክጎድኦ ከም ዝኽእል ተበጺሑ ኔይሩ። ሰርጀንቲ ማሕሙድ ካብ ግቡኡ ምፍጻም ዓዲ ኣይወዓለን ከምኡ’ውን ንምምሕዳር ነቐፈትኡ ኣየቋረጸን። ኣሃዱና ኣብ ጻብራ ዓሪዳ ኮላ፣ ተደጋጋሚ መጥቓዕቲ ይመጽእና ስለ ዝነበረ፣ ዕርፍቲ ዘይህብ ኩነታት ተሕልፍ ኔይራ። ኣብ’ቲ ግዜ’ቲ ሰርጀንቲ ማሕሙድ ኢትዮጵያ (ወያኔ) ዓጥቂዕም ምስ ተመልሰት፣ ኩነታት ዉጉኣት ክርኢ ኣብ ኣንደር ግራውንዲ ተመሊሱ ከሎ፣ ናይ ክላሺኑ እማና ኣይተዓጽወትን ነበረት። ምስ’ቲ ታህዋኽን ድኻምን እታ ተሓንጊጥዋ ዝነበረ ሳንጣኡ፣ መንጠልጠሊኣ ኣብ ቓታ ስለ ዝተቐርቀረ ብረቱ ተባርዒት ኢዱ ድማ ለከመቶ። ብዕድል ግን ኢዱ ጥራይ ስለ ዝተወግአ ናብ ሕክምና ከይዱ ግዜ ከይወሰደ ተሓኪሙ ንቦታኡ ክምለስ ከሎ ኣሃዱና ቦታ ቐይራ ኣብ ከባቢ ቶኾንቢያ ስለ ዝነበረት፣ ኣብ ከተማ ቶኾንቢያ ተራኺብና። ሓቢርና ድማ ሻሂ ሰቲና፣ ኣዕሊልና፣ ተታሒዝና ኸኣ ሓብ

*ኣሃዱና ዝነበርቶ ሰፈር ከድና። ኣብ'ዚ ግዜ እዚ እቲ ኣዛዚ ሓይሊ፣ ውዲት ኣሊሙ ስለ ዝጸንሐ ንሰርጀንቲ ማሕሙድ ክእሰር ኣዘዘ። ሰርጀንቲ ማሕሙድ ድማ ብዘይተቓውሞ ተኣሰረ። ንጽባሒቱ ንኹላ በጠሎኒ ኣከቡና። ኣዛዚ ብርጌድን በጠሎኒን ታሪኽ ማሕሙድ ብሙሉኡ ጅግንነታዊ ስራሓቱ ተዘርዚሩ። ኣብ መጠረሽታ ድማ "ኢድካ ብምፍላጥ ሃሪምካ" ስለ'ዚ መንግስትና ናይ ሞት ፍርዲ ውሲልካ፣ ኢሎም፣ ወርሒ ሓምሽተ 1999ዓም ኣብ ቅድሚ ኩልና ኣብ ምፍለጭ ረሺኖሞ።*

*ክቡራት ኣንበብቲ፣ ኣብ ጎንኻ ኮይኑ ዝቓለስ ዝነበረ ብጸይካ ብኣዘዝትኻ ክቅተል ከሎ ዝገድፈልካ ስንብራት ቀሊል ኣይኮነን። ንሃገርን ንህዝብን ከገልግል ተዳልዩ ንዘሎ መንእሰይ፣ ምቅታል፣ ናይ ጸላኢ ተግባር ኢዩ። ንኹልና ደቂ በጠሎኒኡ ድማ ስንብራት ሓዲግልና ኢዩ።*

*እዚ ኣብ ክ/ሰና እንዳ 36 ዝተፈጸመ ቅትለት፣ ወዲ ሃይለ ኣዛዚ ናይ'ዚ ክ/ሰራዊትና ዝነበረሉ ግዜ ኢዩ። ወዲ ሃይለ ከም ኣዝዛዚ ክ/ሰ ንሱ ዝየፈለጠ ቅትለት ኣብ ልዕሊ ወተሃደር ኣይፍጸምን ኢዩ። ስለ'ዚ ብቅትለት ሰርጀንቲ ማሕሙድ ቐዳማይ ዝሕተት ብርጌደር ጀነራል ተከስተ ሃይለ (ወዲ ሃይለ) ኢዩ።*

*ብርጌደር ጀነራል ተከስተ ሃይለ (ወዲ ሃይለ) ሕጂ ካብ'ዚ ስርዓት ስለ ዝተፈልየ እቲ ንሱ ዝፈጸሞ ገበን ነጻ ከም ዘይኮነ ክርድኦ ኣለዎ። ኣብ ናይ ሕጊ መጋባእያ ኸኣ ክቀርብ ይግብኦ።*

*ኣብ ክ/ሰራዊትና ይኹን ኣብ ካልኦት ክ/ሰራዊት ቅትለት ኣሕዋትና ሱቕ ኢልና ዝሓለፍና፣ ሎሚ ብዙሕ የሕዝነና ኣሎ። ንታሪኽን ንህዝብና ክንክሕሶም ግን ነንፍልጦ ክንጽሕፍ ጻዊዕት የቕርብ።*

*ብርጌድር ጀነራል ተኸስተ ሃይለ፣ ኣብ ደሞክራስያዊትን ፍትሓዊትን ሃገር ተዓቑብካ ኣሎኻ። ዓቕሚ ከም ዘይጎድለካ እፈልጥ ኢየ። ነቲ ንስኻን ብጾትካን ዝበደልኩሞ ህዝብናን ዋርሳይን ክትክሕሶ ኣብ ቓልሲ ክትጽመድ እትስፎ። ካብኡ ዝተረፈ ንኣና ካብ ሃገር ኣሳጒግኩም ደድሕሬና ሃዲምኩም ስደት ክትሓቱ እንተኾንኩም ግን ዓዲ ሕጊ ስለ ዘሎኹም ኣንጻርኩም ክሲ እንተተመስሪቱ ቀዳሞት ምስክር ዓይኒ ኮና ከም ንቐርብ ደጋጊመ የረጋግጸልካ።*

*ዕርቕን ፍትሕን ንህዝቢ ኤርትራ*
*ካብ ኣባል እንዳ 36*
*11/23/2009*